ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ንአገልግሎት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝተፈላለዩ ቐወምትን ሃለቅትን ኣቐሑት መሳርሒ ህንፃ፣ ኣቐሑት ኤሌክትሪክ፣ኣቐሑት ኤለክትሮኒክስ፣ ኣቐሑት ዓለባ፣ኣቐሑት መሳርሒ ፅሬት፣መለዋወጢ ኣቐሑት መኪናን ኣቐሑት መሳርሒ ፅሕፈትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 3, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 27, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 27, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩምን በቢዘፈር ንግዲ ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ግብሪ ዝኸፈሉን መለለይ ቁፅሪ ተመዝጋቢነት ዘለዎም

2 እዚ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 5ᵗʰ ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ እናኸፈሉ ሰነድ ጨረታ ምውሳድ ይከኣል።

3 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑን ናይ ወርሒ ነሓሰ ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝኽእሉ

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ኣቐሑት መሳርሒ ህንፃ(5000.00) ቅርሺ ፣ኣቐሑት ኤሌክትሪክ፣ኣቐሑት ኤለክትሮኒክስ፣ ኣቐሑት ዓለባ፣ኣቐሑት መሳርሒ ፅሬት፣ መለዋወጢ ኣቐሑት መኪናን ኣቐሑት መሳርሒ ፅሕፈትን ድማ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከቅርብ ዝኽእል

5 ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ዝተውሃቦም ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቐት ዘሐደሱ

6 ሰነድ ጨረታ ክሳብ 27/02/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ዋናን ቅዳሕን ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብ ነብሲ ወከፍ ገፅ ናይ በዓል ዋና ማህተምን ፊርማን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣታዊ ይግበር።

7 በቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:00 ምስኾነ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት 3:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

8 ተጫራታይ ካብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ሰዓትን እንተዘይተረኺቦም እቲ ጨረታ ንምኽፋት ኣይተኣጎልን።

9 እቲ ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ ብድ.ወ.ት ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ይኽውን።

10 እቲ ጨረታ ሰዓርቲ ምኻንኩም ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ 3 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ቅሬታ ምቕራብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እዚ ጨረታ ሰዓርቲ ዝኾኑ ነጋዶ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልትታት ውዕሊ ኣሲሮም 10% ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ የትሕዙ።

12 ኣብ ተኽታተልቲ 10 መዓልቲታት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ጠቅሊሎም ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎም።

13 ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁ 0347-453134 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle